# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.187 ዓርቢ 5 ሚያዝያ 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
ድሕሪ ሕርሲ ዝረኣዩ ጥዕናዊ ጸገማት



ገጽ 3
ሞት 40 ሓረምዝ ኣረት - ኪሎ ዘኽተለ ዓውደ-ውግእ




ገጽ 4
ብዛዕባ ቁጠዐ



ገጽ 5
ዕላል ዘምጽኦ ዕላል



ገጽ 7
ፈርዲናንድ ንራሽፎርድ ይምዕድ




# ልኡኽ ፈደረሽን ሩስያ፡ ኣብ ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ ዑደት ኣካየዱ

ኣብ ኤርትራ ዑደት ዝፍጽም ዘሎ፡ ብምኽትል ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ - ምኽትል ኣድሚራል ቭላድሚር ካሳቶኖቭ ዝተመርሐ ላዕለዋይ ልኡኽ ፈደረሽን ሩስያ፡ ብሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮውሃንስ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊትን ኤርትራ ተሰንዩ፡ ብ3 ሚያዝያ ኣብ ዞባታት ደብባውን ሰሜናውን ቀይሕ ባሕሪ፡ ልምዓታውን ትሕተ-ቅርጻውን ቦታታት በጺሑ።

ልኡኽ ሩስያ ኣብ ዑደቱ፡ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ዓሰብን ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ወደብ፡ ደሴት ሓሌብን ኣብኣ ዝርከብ ትካል ማስርሕን መጽገንን ጀላቡ፡ ወደብ ዓሰብ፡ ኣብ ዓሰብ ሰፈር ዝርከብ ትካላት ኮርፖረሽን ዓሳን ትካል መፍረ በረድን፡ ከምኡ'ውን መጸግዒ ጀላቡን መመንጨዊ ንሑሳዊ ጸዓትን በርዓሶሌ ተዘዋዊሩ ተዓዚቡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ምስ ፈደረሽን ሩስያን ካልኦት መሻርኽቲን ብሓባር ክሰርሓሉም ዝኽእሉ፡ ኣብ ዕዳ፡ ጠያን ገልዓሎን ዝተደኮሉ ጨናፍር ኮርፖረሽን ዓሳ፡ መዐሸጊ ጀላቡ፡ ትሕተ-ቅርጺ መፍረን ዕቃብን በረድን ካልኦት ኣገዳስቲ ቁጠባዊ ትሕተ-ቅርጽታትን፡ ከምኡ'ውን ታሪኻዊት ደሴት ናኹራ በጺሑ።

ትማሊ 4 ሚያዝያ ስትራተጂካዊ ቁጠባዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለወን ደሴታት ሓረትን ሓስመትን፡ ከምኡ'ውን ማርሳ ግልቡብ ኣብ ዝበጽሓሉ ድማ፡ ንታሪኻውን ስትራተጂካዊ ኣገዳስነትን ናይ'ቲ ከባቢ ዝምልከት መብርሂ ተዋሂብዎ።

ኣብ ገድም ኣብ ዝርከብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ከኣ - ንክብሩ እንግዶት ተገይሩሉ።

እዚ ዑደት'ዚ፡ ኣካል ናይ'ቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ፈደረሽን ሩስያን - ኣብ ትሕተ-ቅርጺ፡ ጸዓት፡ ዕደና፡ ሕርሻ፡ ሃብቲ ባሕሪ ወተሃደራውን ጸጥታውን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ካልኦት ጽላታት ተጀማሚሩ ዘሎ ዝምድና ንምድልዳል፣ ኣብ መንጎ መራሕትን ላዕለዎት ሰብኡማዚ ክልቲኦን ሃገራት ዝቐደደ ንቡር ናይ ምምኽኻርን ሓሳባት ናይ ምልውዋጥን ንጥፈታት እዩ።

ኣብ'ቲ ዑደት፡ ኣዛዚ ሓይሊ ኣየር ሜጀር ጀነራል ተኽለይ ሃብተስላሴ፡ ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ሜጀር ጀነራል ሮሞዳን ዐስማን ኣውልያይ፡ ኣዛዚ እዚ ምብራቕ ብርጌደር ጀነራል ኣብርሃም ዓንደም፡ ሓለቓ ስታፍ ሓይሊ ባሕሪ ኮሎኔል መልኣከ ተኽለማርያም፡ ኣዛዚ እዚ ደቡብ ሓይሊ ባሕሪ ሌተና ኮሎኔል ጕይትኦም ኪዳነ፡ ኣዛዚ እዚ ሰሜን ሓይሊ ባሕሪ ሌተና ኮሎኔል የማን ገብረማርያም፡ ከምኡ'ውን ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ተሳቲፎም።



ስእላይ - ኣብርሃም በየነ



ስእላይ - ኣብርሃም በየነ

# ኣብ ን/ዞባ ዓረዛ፡ ሰፊሕ ልምዓታዊ ንጥፈታት ይሰላሰል ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ብዕዙዝ ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ 15 ምምሕዳራት ከባቢ - ሰፊሕ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ከምኡ'ውን ምጽጋን ናይ ሓመድ ጽርግያታት ይሰላሰል ኣሎ።

በዚ መሰረት፡ ብምውህሃድ ኣመሓደርትን ክኢላታትን - ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ኣዋርሕ፡ 92 ኪሎሜተር ጽርግያ ክጽገን እንከሎ፡ ኣብ 298 ሄክታር ናይ ሕርሻ መሬትን መዝሮዒታትን ድማ - ከትሪ፡ ቅናታዊ ዛላታትን ምምድማድ መሬትን ዘጠቓልል ንጥፈታት ይቕጻል ኣሎ።

ኣወሃሃዲ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ኣቶ መልኣከ ፍስሃዬ፡ ብመሰረት ዓመታዊ መደብ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ደቡብ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ 800 ሄክታር ቅናታዊ ዛላን 800 ሄክታር ከትርን ክስራሕ ውጥን ከም ዘሎ ብምሕባር፡ ዛጊት ኣብ ምጽጋን ጽርግያ ልዕሊ 23 ሽሕ፣ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ድማ፡ ኣስታት 56 ሽሕ ጉልበት ከም ዝወፈረ ኣረዲኡ።

ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ዓረዛ ኣቶ መንግስ ዘሚካኤል፡ ነብርቲ መጠነን ወጽኢትን ናይ'ቲ ዝሰርሕዎ ኣብ ግብሪ ደርእይዎ ስለዘለው፡ ነቲ መደብ ብዝለዓለ ክቕጽልዎ ዘለዎ ትጽቢት ገሊጹ።

ኣስታት 83 ሽሕ ህዝቢ ዘለዎ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ካብ ከተማ መንደፈራ ንሸነኽ ደብባዊ ምዕራብ 42 ኪሎሜተር ርሒቑ ደርኩብ።



ስእላይ - መሓሪ ተስፋይ

# ኣብ እማህሚመ ሓዳስ ዲጋ ትስራሕ ኣላ

ኣብ ንኡስ ዞባ ቅሮራ - ምምሕዳር ከባቢ እማህሚመ፡ ንማስተ ሰብን ጥሪትን ከምኡ'ውን ንመዓል ሕርሻ እተገልግል ሓዳስ ዲጋ ትስራሕ ኣላ።

እዛ ካብ ሓወሲ-ከተማ እማህሚመ ንሸነኽ ደቡብ 11 ኪሎሚተር ርሒቑ ኣብ ዝርከብ ቦታ ትስራሕ ዘላ ዲጋ፡ መዓልታዊ ብተሳትፎ 150 ጉልበት ሰብ፡ ማስርሕ ህንጻታ ብጽቡቕ ይሰላሰል ከም ዘሎ፡ ሓላፊ ሕርሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ኣደም ሳልሕ ሓቢሩ።

ኣብ'ዛ ካብ ወርሒ ሕዳር 2023 ኣትሒዛ ኣብ ሩባ ወድጋን እትሰራሕ ዘላ ዲጋ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ብመንግስቲ ዝቐርብ ናውቲ ህንጻን ማሽነሪን፡ ህዝቢ እማህሚመ ስሩዕ ጉልበታዊ ኣበርክቶ ይገብር ከም ዘሎ ተፈሊጡ።

እታ ዲጋ፡ ኣብ ጎላጉል 'ጭግርዐ' ንዝርከብ ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝተጸንዐ ኣስታት 1,500 ሄክታር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ትሕቲ ዲጋ ዝሎ ኣስታት 300 ሄክታር ከተልምዕ እውን ትጽቢት ይግበር።

ኣብ ንኡስ ዞባ ቅሮራ፡ ኣቐዲሙ እውን ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ተኣብሕ ተመሳሳሊት ዲጋ ከምእተሰርሐት ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ ዝቐጽል እዋን ኣብ ከባቢታት ዜሮን ምምሕዳር ከባቢ ሕሽክብን ሰለስተ ዲጋታት ንምስራሕ መደብ ተተሒዙ ኣሎ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ድሕሪ ሕርሲ ዝረኣዩ ጥዕናዊ ጸገማት

መብዛሕትአን ደቂ-ኣንስትዮ ዕሸል ምስ ተገላገላ፡ መዓልትን ለይትን ኣደህባአን ኣብኡ ጥራሕ ክዙበራ እየን ዝረኣያ። ንግዜአን ነቲ ዕሸል ከጥብዋ፡ ከፀብኪ. ዓይኒ ዓይኑ ክርእያ፡ ጨርቂ ክቕይራሉ. . . ስለዘሕልፋኦ፡ ኑብሰን ክሱብ ምርሳዕ ይበጽሓ፡፡ እዚ፡ ንጥዕናአን ጸቡቕ ኣይኮነን።

ሓንቲ ኣደ ዕሸል ምስ ተገላገለት ኣብ ዝስዕባ ሰሙናት ዝጸንሕ ቃንዛ ዘይምቹእንተን ክሰምዓ ግድን እዩ። ብልምዳዊ ኣበሃህላ፡ እቲ ቃንዛ 'ሕማም ደሓር' ተባሂሉ እዩ ዝግለጽ። እታ ኣደ፡ እቲ ቃንዛ ንብር እንተኾይኑ፡ መዓስ ከም ዘበቅዕ ክተሰተብህሉ ይግባእ። ገለ ካብቲም ድሕሪ ሕርሲ ዝረኣዩ ጸገማት፡ እታ ኣደ ግቡእ ክንክን ምስ ዘይትገብረሎም ዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ከስዕቡ ይኽእሉ እዮም።

ኣስተብህሊ! እቲ ዕሸል ብዙሕ ክንክን ዘድልዮ'ኳ እንተኾነ፡ ብዛዕባ ነብስኺ ምግዳስ ቀዳምነት ዘድልዮ ምኳኑ ኣይትዘንግዒ። ከምቲ ንወላድኪ ግዜ እትህብዮ፡ ንነብስኺ'ውን ግዜ ሃብዪ። ምስ ሓኪም ተመያየጢ. ግቡእ ክንክን ክትገብሪ ይግባእ።

ስዒቡም ድሕሪ ሕርሲ ኪጋጥሙ ዝኽእሉ ጥዕናዊ ጸገማት፣ ብኸመይ ኣገባብ እተን ደቂ ኣንስትዮ ነብሰን ኣልየን ነቲ ጸገም ክፍውሳአ ይኽእላ? መዓስ'ከ ሕክምናዊ ሓገዝ ይሓትታ? ተዘርዚርም ኣለው።

### ልዕሊ ዓቐን ደም ምፍሳስ

ድሕሪ ሕርሲ ሓንቲ ኣደ ደም ክፈስሳ ንቡር እዩ። ገለ ደቂ-ኣንስትዮ ካብ 2 ክሳብ 6 ሳምንታት ዝጸንሕ ደም ክፈስሰን ይረኣያ እየን። ገለ ደቂ-ኣንስትዮ እቲ ዝፈስሰን ደም ውሑድ ክኸውን እንከሎ፣ ናይ ገለአን ብዙሕ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ደቂ-ኣንስትዮ ድሕሪ ሕርሲ ዘርእያኦ ምፍሳስ ደም ንቡር እንተኾይኑ፡ ብቐጥታ ድሕሪ ዕሸል ምግልጋለን እዩ ዝጅምር - እቲ ኣገባብ ሕርሲ ብንቡር ይኹን ዋላ ብመብጣሕቲ። ኣብቲ ፈለማ እቲ ዝፈስስ ደም ብዙሒ ዘለዎ ኮይኑ ኣዝዩ ቀይሕ ድሙቕ ሕብሪ ዝሓዘ እዩ። እቲ ብዙሒ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናነከየ ድሕሪ ሰሙናት - እቲ ደም ጽልም ዝበለ ሕብሪ (ማለት ደም ጠገዕ ሕብሪ) ክሕዝ ይጅምር።

### መዓስ ናብ ዶክተር ኽትከይዲ?

* ዋሕዚ ናይ ደም ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናነከየ ምስ ዘይከይድ። እቲ ምፍሳስ ደም ጸጸኒሑ ደው ምስ ዘይብል። ካብ እትሓርሲ 3 ወይ 4 መዓልታት ኣቑጺርኪ. ክሰኽ፡ እቲ ዝፈስስ ደም ከምቲ ናይ ፈለማ መዓልቲ ደሚቕ ቀይሕ ሕብሪ ዝሓዘ ምስ ዝኸውን።
* ዓቐን ክፈስስ ዝጸንሐ ደም ኸይዱ ጸኒሑ ሃንደበት ክወሰኽ፣ ሕብሩ'ውን ካብ ጽልም ዝበለ ቀይሕ፡ ከምቲ ናይ ፈለማ ናብ ደምቕ ዝበለ ቀይሕ ምስ ዝቕየር።
* ምስ ምውሳኽ ዋሕዚ ናይቲ ዝፈስስ ደም፡ ቃንዛን ቁርጥማትን ምስ ዝስምዓኪ. ተቐላጢፍኪ. ናብ ሕክምና ክትከዲ ይምከር።

ዘዩቋርጽ ምፍሳስ ደም ድሕሪ ሕርሲ ክፈጥሩ ዝኽእሉ ጠንቅታት ብዙሓት እዮም። ልዕሊ ዓቐን ሃልኪ. ኣብ ግዜ ጥንሰን ሕርስን፡ ልዕሊ ዓቐን መድመይቲ ድሕሪ ሕርሲ ከስዕብ ይኽእል እዩ። እዚ ግን፡ እኹል ዕረፍቲ ብምርካብን ኣብ ኣመጋግባ፡ ብፍላይ ጥዕና ዘለዎ ፈሳሲ. ብምውሳድን ብዘቤታዊ ክፍወስ ይከኣል እዩ።

ይኹን'ምበር፡ ከም መዳሕንቲ ብግቡእ ዘይምእላይን ማህጸን ብግቡእ ተጨቢጡ ናብ ንቡር ክምለስ ዘይምኽኣልን ዝኣመሰሉ ገለ ጸገማት፡ እታ ኣደ ልዕሊ ዓቐን ደም ከም ዝፈስሳ ጠንቅታት ኮይኖም ይጥቀሱ እዮም። ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ግቡእ ክንክን ሕክምና ከም ዘድልየኪ. ምፍላጥ የድሊ።

### ረኽሲ

ሕርሲ ቀሊል ጉዳይ ኣይኮነን። ሓንቲ ኣደ ዕሸል ክትገላገል እንከላ፡ ዋላ ብንቡር ይኹን፡ ነቲ ዕሸል ግቡእ መንገዲ ንምኽፋትን ብጥልእ ምኽንያትን፡ ኣብ መኸፈቲ ርሕሚ ንእሽቶ ከም እትብጣሕን ከም እትሰፈን ይግበር እዩ። እዚ ንኸይረኽስ፡ ድሕሪኡ ግቡእ ክንክን ክትገብረሉ ይምከር።

እታ ኣደ ብመብጣሕቲ (cesarean) ምስ እትገላገል እውን እቲ ቁስሊ. ኩሉዊ ክንክን ከም ዘድልዮ ርዱእ እዩ።

ኣብዚ፡ እታ ኣደ እቲ ቁስሊ. ከይረኽስ ልብጦ ብዘለዎ ማይን ጨውን መዓልታዊ ክትሓጽቦ ዝበለጸ እዩ። እታ ኣደ ብመብጣሕቲ ዝሓረሰት ምስ እትኸውን ብፍላይ፡ ክትድቅሰን ነፍ ክትብልን እንከላ ጥቃቐታት ክትገብር ከም ዘለዋ፡ ካብ ሓኪም ግቡእ ምኽሪ ክትወስድ ይግባእ።

ገለ ደቂ-ኣንስትዮ ድሕሪ ሕርሲ፡ ረኽሲ. ናይ ርሕሚ፡ ከሊትን ፍሕኛ ሸንትን ኪጋጥመን ይረአ እዩ።

### መዓስ ናብ ዶክተር ኽትከይዲ?

ሓንቲ ኣደ ድሕሪ ሕርሲ ረኽሲ. ኣጋጢምዋ ከም ዘሎ ዘጽሩ ምልክታት ሓያሎ እዮም። ገለ ካብኦም፦

ተደጋጋሚ ቃንዛ፡
ረስኒ፡
ምቕያሕ ቁርበት ሰብነት፡
ምርሃጽ ኣእዳው፡
ቃንዛ ኣብ ግዜ ሸንቲ ወዘተ።

እቲ ረኽሲ. ብዙሕ ግዜ ዘይወሰደ እንተኾይኑ፡ ፈውሲ. ረኽሲ. መድሃኒት ብምውሳድ ቀልጢፍካ ክትፍወሶ ይከኣል እዩ። እቲ ረኽሲ. ነዊሕ ምስ ዝጸንሕ ግን፡ ግቡእ ክንክን ሕክምና ከም ዘድልዮ ዘይምዝንጋዕ።

### ሸንቲ ክትዓቅር ዘይምኽኣል፡ ወይ ዕንፍጓረ

ድሕሪ ሕርሲ ሸንቲ ክትዓቅር ብዘይምኽኣል ዝርአ ጸገም ኣብታ ኣደ ንቡር እዩ። ነታ ኣደ ግን ዘይምቹእነትን ሕፍረትን ይፈጥረላ እዩ። እዚ ጸገም'ዚ፡ ሓደ-ሓደ እዋን እታ ኣደ ኣብ ገዛ ብእትገብሮ ፍኹስ ዝበለ ምውሰዋስ ክፍወስ ይኽእል እዩ። እቲ ጸገም ከቢድን ኣሰካፍን ምስ ዝኸውን ግን፡ ሕክምናዊ ሓገዝ ዘድልዮ እዩ።

ኣብ ግዜ ሕርሲ. ብዘጋጥም ምድካም ጭዋዳን መጉዳእትን፡ ቀልቀል ወይ ሸንቲ ናይ ዘይምቁጽጻር ጸገም ክፈጥር ይኽእል እዩ። እዚ. ግና ብዙሕ ዘሻቕል ጉዳይ ኣይኮነን። ምስ ግዜ ክፍወስን ናብ ንቡር ክምለስን ይኽእል እዩ። ንግዜኡ መንዲል ንጽህና ምውዳይ ሓጋዚ. እዩ።

### መዓስ ናብ ሓኪም ኽትከይዲ?

ድሕሪ ሕርሲ. ዝርአ ሸንቲ ክትቈጻጸር ናይ ዘይምኽኣል ጸገም ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ኣብ ውሽጢ. ሰሙናት እናንከየ እዩ ዝኸይድ። እንተዘይኪይኑ ግና፡ ናብ ሕክምና ብምኻድ ግቡእ ሕክምናዊ መርመራ ክትገብር ይግባእ።

ምስ ሕርሲ. ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ዝርአ ዕንፍጓረ (constipation) ከምኡ'ውን ጀርባዶ (hemorrhoids)፡ ኣብ ውሽጢ. ሰሙናት ክጠፍእ ምስ ዘይክእል ሕክምና ዘድልዮ እዩ።

### ቃንዛ ጡብ

ቃንዛ ጡብ፡ ሓደ ካብቲ ድሕሪ ሕርሲ. ዝርአ ጸገም እዩ። ኣብ ውሽጢ. ሰዓታት ሕርሲ. ጡብ ናይታ ኣደ ጸባ ክመልእ እንከሎ፡ ቃንዛን ዘይምቹእነትን ኪጋጥማ ንቡር እዩ።

እታ ኣደ ብግቡእ ከተጥቡ ምስ እትጅምር፡ መናፊት ኣፍ-ጡብ ስለ ዝኸፈቱ እቲ ቃንዛ ሸው ንሸው ክሽኪ. ይጅምር እዩ። ተደጋጋሚ ልብጦ ብዘለዎ ማይ ንጡብን ኣፍ-ጡብን ምሕጻብ'ውን ነቲ ቃንዛ የህድኦ እዩ።

ጡብ ጸባ ክመልእ እንከሎ፡ ነድሪ (mastitis) ይፈጥር እዩ።

### መዓስ ናብ ዶክተር ኽትከይዲ?

ጡብ ነዲሩ ከምዘሎ ዘርእዩ ምልክታት፡

ምቕያሕ ብፍላይ ድማ ኣፍ-ጡብ፡
ነቲ ጡብ ክትሕዞ እንከለኻ ሙቐት ከም ዘለዎ ምስትብሃል፡
ኣካላዊ ረስኒ፡
ሰዓል ዝመስል ምልክታት።

እዚም ምልክታት'ዚኦም ምስ እተርእዩ፡ ዋላ ምጥባው ኣይተቋርጽ፡ ናብ ሕክምና ክትከዲ ይግባእ።

### ቃዘኖት ድሕሪ ሕርሲ

ድሕሪ ሕርሲ. እታ ጓል-ኣንስተይቲ ጠባይ ናይ ምቕያር ባህርን ቃዘኖትን ክተርኢ. ንቡር እዩ። እዚ. ጸገም'ዚ. ንዊሕ ሳምንታት ምስ ዝቕጽል፡ ነቲ ቈልዓ ኣብ ምእላይ'ውን ጸገም ምስ ዝኸውን፡ ሓደገኛ ሳዕቤን ክፈጥር ከም ዝኽእል ምስትብሃል የድሊ።

ድሕሪ ሕርሲ. ዝርአ ቃዘኖት ግቡእ ክንክን እንተረኺቡ ብቐሊሉ ክፍወስ ዝኽእል እዩ።

### ካልኦት

እውን፡ ድሕሪ ሕርሲ. ልሙዳት ደኣ ኣይኩኑን'ምበር ሓያሎ ጸገማት ይረኣዩ እዮም።

=> ረኽሲ፡
=> ጸገማት ልቢ፡
=> ወቕዒ፡
=> ሃንደበት ምዕጋት ሰር ደም (embolism) ወዘተ እዮም።

### መዓስ ናብ ሓኪም ኽትከይዲ?

እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ምስ እተርእዩ ብቕልጡፍ ናብ ሕክምና ክትከዲ ይግባእ።

ቃንዛ ኣፍ ልቢ፡
ጸገም ኣብ እስትንፋስ፡
ምንፍርፋር፡

ግቡእ ክንክን ድሕሪ ሕርሲ.

* **እኹል ዕረፍቲ ምርካብ**- እታ ኣደ ኣብ ግዜ ጥንሰን ሕርስን ዝርኣየቶ ሃልክን ድኻምን ንምሕዋይ፡ ብዝተኻእለ መጠን ዕኹል ዕረፍትን ድቃስን ክትረክብ ይግባእ።
* **ዝግባእ ሓገዝ ምርካብ**- ሓንቲ ኣደ ድሕሪ ሕርሲ፡ ንዓአን ንወላዳን ኣለይ መሰይ ዝብላ መቕርብ ክህልዋ ይግባእ። እዚ. እታ ኣደ እኹል ዕረፍቲ ንኽትረክብ ሓጋዚ. እዩ።
* **ጥዕና ዘለዎ ኣመጋግባ ምምጋብ**- እታ ኣደ ዓቕማን ኣካላዊ ብቕዓታን ናብ ንቡር ተመሊሱ ነቲ ዕሸል ብግቡእ ከተጥቡ ኣብ ኣመጋግባኣ ቆላሕታ ክትገብር ይግባእ። ኣመጋግባኣ ኣሕምልቲን ፕሮቲንን ዝሓቘፈ መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ክኸውን ኣለዎ። ጸባ ጡብ ብዝግባእ ክውሕዞ ምእንቲ ብብዝሒ. ፈሳሲ. ክትወስድ ይምከር።
* **ምውስዋስ**- እታ ኣደ ኣብ ውሽጢ. ገዛ ፍኹስ ዝበለ ምውስዋስ ኣካላት ክተካይድ ይግባእ።

ምንጪ፦ WebMED






ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኸለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቀ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቀ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቀ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቀ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቀ.ስ 125013 - ቀ.ሳ.ጾ. 1284

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ብዛዕባ ቀጠዐ

መጠኑ ቀጠዐ ወይ ሕርቃን ብዙሕን ዝተፈላለየ ምኽንያት ዘለዎን ክኸውን ይኽእል'ዩ፡፡ ቀጠዐ ብርቱዕ ውሽጣዊ ስምዒት ኮይኑ ብኡንብኡ ኣብ ደጋዊ ክፋል ኣካላትና ክዝንጸባረቕ ንኽእል፡፡ ኣብ መዓልታዊ ጉዕዞ ህይወትና እውን ይብዛሕ ይውሓድ ከንጸባርቖ ንረኣኢና፡፡ ስለዝኾነ፡ ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ዘጋጥመና ስለ ዘይንፈልጥ፡ ንሓድሕድና ናይ ምርግጋእ ክእለት ክህልወና ኣገዲሲ እዩ፡፡ ክኢላታት ስነ-ኣእምሮ፡ ሓደ ሰብ ንዘሰምዖ ሕርቃን ንምዕቃን ዝጸለመ ፈተነታት ኣካይዶም እዮም፡፡ በቲ መጽናዕቲ መሰረት፡ ገለ ሰባት ቀልጢፎም ክሓርቁን ክቕጥዑን ይኽእሉ፡፡ ካልኦት ሰባት'ውን ብባህሪኦም ተቖጣዕትን ነደርትን እዮም፡፡ እቶም ቀልጢፎም ዝሓርቁ ሰባት፡ እቲ ዘሕርቖም ዘሎ ነገር ንኽፈልጡ ስለ ዘይሸገሩ፡ ሕርቃኖም ክፈትሑን ካብ ቀጠዐኦም ክዛደኡን ግዜ ኣይወስደሎምን፡፡ ተመራመርቲ ስነ-ኣእምሮ ንጠንቂ ሕርቃን ብኸምዚ ይገልጽዎ፡፡ ገለ ሰባት ካብ ካልኦት ሰባት ብባህሪ ዝወጹ እዮም፡፡ ቀልጢፎም ይሓርቁ ሓይሊ ሕርቃኖም ከኣ ካብ ናይ ካልኦት ዝዛይድ ይኸውን፡፡ ኣብቲ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ቀልጢፎም ዝሓርቁ ሰባት ቀልጢፎም ሕማቕ ቃላት ኣይድርብዩን እዮም ናብ ዝብል መደምደምታ በጺሖም፡፡ እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ፡ እቲ ኣብ ውሽጦም ዝሀሉ ነድሪ ክሳብ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ዝበጽሕ ይኸውን፡፡ ሓራቓት እቲ ኣብ ውሽጦም ዝኸሰት ረስኒ ክቈጻጸርዎ ኣብ ዘይክእሉሉ ኩነት ምስ በጽሑ ድማ፡

ዝዞረብዎ ኮነ ዝዝብርዎ ኣይፈልጡን እዮም፡፡ በቃ ኩሉ ነገር ንደሓር ኣይብልምን እዮም፡፡ ኣብ ጉዳይ ሕርቃን



ወይ ነድሪ መብዛሕትኦም ተመራመርቲ ስነ-ኣእምሮ ከም ዝሰማምዕሉ፡ ውሑድ ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ዘለዎም ሰባት ዝያዳ ቀጠዓት ይኾኑ፡፡ እዚ ከኣ ንሓፈሻዊ ብቕዓት ኣካላዊን ኣእምሮኣዊን ይገልጽ፡፡ እቲ ቀንዲ ምኽንያት፡ እዞም ከምዚኦም ዓይነት ሰባት ነቲ ብብቕዓት ክወጽእዎ ዘይኽእሉ ነገራት፡ ብቕጥዐ ክፈትሕዎ ስለ ዝፍትኑ እዩ፡፡ ንኣብነት ሓደ ሰብ ኣብ ትምህርቲ ትሑት ደረጃ ምስ ዘመዝግብ ዝያዳ ክቕጣዕን ምስ ሰባት ክበራረጮን ይርአ፡፡ መጠኑ ሕርቃን እንታይ ምኳኑ ንምፍላጥ ብዙሓት መጽናዕትታት ተኻይደም'የም፡፡ ዝተፈላለዩ ክኢላታት ከምዝገልጽዎ፡ ስምዒት ሕርቃን ካብ ወለዶ ናብ

ወለዶ ዝወራረስ ምኳኑ'የም ዝፍልጡ፡፡ ብዓበኡ ትዓብዩሉ ስድራቤትን ኣከባብን ልዑል ጽልዋ ከም ዘለዎ ይሰማምዑ፡፡

ንኣብነት እዮም፡ ካብ ዕግርግርን ባእስን ዘለዎ ስድራ ዝመጽኡ፡ ዝለዓለ ሓራቓት ናይ ምኳን ተኽእሎ ኣለዎም፡፡ ብተወሳኺ፡ ሓደ ንምንባሩ ከቢድ ፈተና ዝሓለፈ ካብ ዝኾነ ቦታ ዝመጽአ ሰብ፡ ካብቲ ካልእ ሰብ ዝያዳ ናይ ምቕጣዕን ነድርን ጠባይ ከማዕብል ከም ዝኽእል ክኢላታት ይገልጹ፡፡ ሕርቃን ብኣሉታ'ዩ ዝግለጽ፡፡ ምኽንያቱ ክንገልጾን ብእወታዊ ዝኾነ መገዲ ክንርድኦን ስለ ዘጸግም፡፡ ከም ምጭናቕ፡ ጸቕጢ. . . . ዝኣመሰሉ ስምዒታት ቀልጢፍካ ተረዲእካ ክትኣልዮም፡ ነቲ ሰብ ክትፍውሶን ብዙሕ ኣሸጋሪ ከም ዘይኮነ ክኢላታት ስነ-ኣእምሮ ይገልጹ፡፡ ብኣንጻሩ ከም ቀጠዐን ነድርን ዝኣመሰሉ

ነገራት ግን ንምፍዋሶምን ንምልላዮምን ኣዝዮም ኣሸገርቲ እዮም፡፡ ጠንቂ ዘሕርቐና ዘሎ ነገር ብግቡእ ብምልላይ ሕርቃን ምፍዋስ ይከኣል'ዩ፡፡ ጠንቂ መሕረቒኻ ምፍላጥ ከኣ 50 ሚእታዊት ኣካል ናይ'ቲ ፍወሳ እዩ፡፡ ብግቡእ ምስ ኣለኻ ውጥን ብምምዕባልን ካብ እዋን ናብ እዋን ክትቈጻጸሮን ክትመሓየሾን ይከኣል፡፡

ምቕጣዕ ብሕማቕ ጥራይ ዝግለጽ ተርእዮ ኣይኮነን፡፡ ምኽንያቱ ጸገምካ ክትፈትሕ ከቃቕሓካ ስለ ዝኽእል፡ ከም ጸቡቕ ዝቈጸረሉ ኣጋጣሚ ኣሎ፡፡ መጠኑ ዝሓለፈ ምቕጣዕ ግና፡ ሃሳዪ ምኳኑ ክሰሓት የብሉን፡፡ ምቕጣዕ ጸቕጢ ደም የጋድድ'ዩ፡፡ ብግቡእ ንኸይትሓስብ ይዕንቅጽ፡፡ ክኢላታት ከም ዘረጋግጽዎ፡ ብዙሕ ግዜ ምልክታት ቀጠዐ ዘርእዩ ሰባት፡ ሕማም ረሰዕ ከማዕብሉ ዘለዎም ተኽእሎ ልዑል እዩ፡፡ ካብ ዘይተደልየ ክቱር ምቕጣዕ ክትናገፍ፡ ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ተኸተል፦

- ብዛዕባ ቀጠዐኻ ምእማን፦ ቀጠዐኻ ክተህድእ ፈለማ ብዛዕባ ምቕጣዕካ ክትእመን ኣለካ፡፡ እቲ ምንታይሲ፡ ክትሃድእ ወይ ክተርሕቕ ቀዳማይ ምፍታንካ፡ ነቲ ቀጠዐ ክተለልዮን ክትእመኖን የድሊ፡፡ ቀጠዐኻ ክተለልዮ እንተ ዘይክኢልካ፡ ኣብ ውሽጥኻ ክስፋሕፍሕ ርሒብ ዕድል ኣለዎ፡፡ ምኽንያቱ፡ ምስ ዘይጠቕሙኻ ነገራት ክትቃለስ ወይ ንኡበሻኻ ብዘይሲ መገዲ ክትገዓዝ ዝገብር'ዩ፡፡
- ምቕጣዕካ ክትሰምዮ ምኽኣል፦ ኣብ መስርሕ፡ ምህዳእ ቀጥዐኻ ፈለሚን ወሳንን ስጉሚ'ዩ፡፡ ምቕጣዕካ ብኸመይ ተህድኦ ንዝብል ሕቶ ከኣ፡ መልሱ ነቲ ጠንቂ ቀልጢፍካ ኣለሊኻ ረሓቒሉ ዝብል'ዩ፡፡ ኑበሻኻ ካብቲ ከኒታት እሊዩ፡፡ ነቲ ቦታ ርሓቐሉ፡፡ እቲ ህሞት 'ተበኣሰ' ዝብሉ ሆርሞናት ዝለዓዕል'ዩ፡፡ ካብቲ ቦታ ምርሓቕ ከኣ፡ ኑበሻኻ ክዛደኣ፡ ኣእምሮኻ ከኣ ርድኢቱ ክልውጥ ዕድል ትፈጥረሉ፡፡ ንምቕጣዕካ ትቈጻጸሮ ኣለኻ ማለት'ዩ፡፡
- ክትቀጣዕ እንከለኻ፡ ውነኻ ኣብ ካልእ ዓይነት ስራሕ ከም ዝጽመድ ክትገብሮ ይምረጽ፦ መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ኣዘይቲ ነገራት ከም ምንባብ፡ ቴለቪዥን ምዕዛብን ኣካላዊ ምንቅስቓስን፡ ቀጠዐኻ ኣብ ምፍኳስ ዝለዓለ ሚላታት ምኳኖም ይጥቀሱ፡፡
- ምስ ሓቀኛ ዓርክኻ ምዝርራብ - ካልእ ኣብ ምህዳእ ቀጠዐኻ ዓቢ ግደ ዘለዎ ተግባር'ዩ፡፡ ብመንፈስን ኣእምሮን ጸቡቕካ ምስ ዝደሊ ሰብ ተመያየጥ፡፡ እቲ ምስጢርካ ተካፈሎ ሰብ ግና፡ ሓጊዚኻን እሙንን ምኳኑ ፈለማ ኣረጋግጽ፡፡
- ቂምታ ዘይምሓዝ፦ እዚ፡ ሰብ ዝገብረካ ቅሉዕ ወይ ምኽሩይ ከም ዘበረ እመን ማለት ኣይኮነን፡፡ እቲ ዘድሊ ሕሪን ክትብል ተህልኾ ጸዓት ደው ከተብሎን ከምኡ ምግባር ዘለዎ ሃሲያ ክትርድኦን'ዩ፡፡ ይቕረታ እንተ ተሓቲትካ፡ ተቐቢልካ ኣብቲ ዝተፈጸመ ጌጋ ምምሓስ ኣወግድ፡፡ ዝሓለፈ ሓሊፉ'ዩ ምባል መብዛሕትና ንኣምኖ'ዩ፡፡ ይቕረ ምባል ዝኣምኑ ሰብ'ውን ሒደት ዋላ ኣይኾኑ፡ ብግብሪ ዝፍጽሞ ግና ውሑድ'ዩ፡፡ ቂም ሒዝካ ንኻልኦት ይቕረ ክትብል ዝከኣል ኣይኮነን፡፡ ይቕረ ዘይምባልና ንግና እምበር፡ ንኻልእ ኣይሃሰን እዩ፡፡ ርግጽ'ዩ ሕድገት ቀሊል ነገር ኣይኮነን፡፡ ግዜን ሕልናን ዝድልዮ'ዩ፡፡ ሕድገት፡ ኣተሓሳስባኻ ምልዋጥ'ዩ፡፡ ውጽኢቱ ከኣ፡ ጠቓሚ ምኳኑ ዘይከሓድ'ዩ፡፡

## ቀቢላ ዙሉ

ቀቢላ ዙሉ፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝበዝሐ ቁጽሪ ህዝቢ እታ ሃገር ዝሸፍኑ ሓደ ካብ ዓበይቲ ዓሌታት ናይ ኣፍሪቃ እዮም፡፡ መብዛሕትኦም ኣብ ዞባ ክዋዙሉ ናታል ይቕመጡ፡፡ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ዚምባብወ፡ ዛምብያን ሞዛምቢክን ድማ ብውሱን ቁጽሪ ይርከቡ፡፡ ኣብ እዋን ኣፓርታይድ ከም ሳልሳይ ዜጋ ዝቖጸሩ ዝነበሩ ዓሌት ዙሉ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ብዝነበረ ዓሌታዊ ኣፈላላይ ኣዝዮም ዝተሳቐዩ ብዘር ከምዝነበሩ መዛግብቲ ታሪኽ ይምስክር፡፡

መቦቆላውነት ዙሉ ካብ ንጉኒ ዝተባህሉ ዓሌት እዩ፡፡ ብቛንቋ ንጉኒ ዙሉ ማለት መንግስተ ሰማይ ዝብል ትርጉም ክህልዎ እንከሎ፡ ናብዚ ናይ ሎሚ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ መጀመርታ 9ይ ዘመን እዮም ክመጽኡ ጀሚሮም፡፡ ኣብዚ እዋን እዚ ናብ ዝርከቡሉ ዞባ ክዋዙሉ-ናታል ድማ ኣብ መበል 16 ዘመን ኣቢሎም ክሰፍሩ ጀሚሮም፡፡

50% ካብ ብዝሖም ኣብ ከተማታት ብምስፋር ኣብ ፋብሪካታትን ካልኦት ህዝባውያን ስራሓትን ዝዋፍሩ ክኾኑ እንከለው፡ እቶም ዝተረፉ ድማ ኣብ ገጠራት ዝነብሩን ብምሕረስን መጓሰን ዝናበሩን እዮም፡፡

ኣብዞም ኣብ ሕርሻን መጓሰን ዝዋፍሩ ኣህዛብ ቀቢላ ዙሉ፡ እቲ ናይ ምሕረስ



ስራሕ ብየም ደቂ-ተባዕትዮ ዝካየድ ክኸውን ከሎ፡ እተን ደቂኣንስትዮ ድማ ከም ምዝራእን ምዕጻድን ዝኣመሰለ ዝተረፈ ንጥፈታት ይዓምማ፡፡ ጽሬት ሓደ ካብ ኣገደስቲ ክፋል ናይ እምነቶም እዩ፡፡ ንዝተፈላለዩ ዓይነታት መግቢ ኻቱ ዝኾነ ናይ መስርሕን መመገብን ኣቑሑ እዮም ዝጥቀሙ፡፡ ኣብ መዓልቲ ብውሑዱ 3 ግዜ ኑብሶኻ ምሕጻብ ሓደ ካብ ዝውቱራት ልምድታት ቀቢላ ዙሉ እዩ፡፡ ብዘሰርሕዎ ዓይነት ዘገበል ፍሉጣት ኣብ ዝኾኑ ቀቢላ ዙሉ፡ ደቂኣንስትዮ ብመንገዲ ዝኽደንኦ ዓይነት ኣከዳድና ንህልወ ኩነታተን ይገልጻ እየን፡፡ ሓንቲ ዘይተመርዓወት ጎርዞ፡ ሓጺር ጎና ብምልባስ ዝኾነ ወናኒ ከምዘይብላን ወናኒት ጉዳእ ኑብሳ ምኳናን ተመልክት፡፡ ዝተሓጸየት እንተኾይና ድማ ንተጠመትቲ ክፋል ኣካላት ዝሸፍን ክዳን ብምልባስ ኣብ ልዕሊ ናይ መጻኢ ስድራኣ (ስድራ ቤት ሕጹያ) ዘለዋ ክብሪ ትገልጽ፡፡ ዝተመርዓወት እንተኾይና ግና ንኹሉ ኣካላታ ዝሸፍን ክዳን ብምውዳይ ንኻልኦት ጠመትታ ትሕዝቲ ምኳና ትገልጸሎም ማለት እዩ፡፡ ቀቢላ ዙሉ ዋላ እኳ ብመንግስቲ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝኣዘዙ እንተኾኑ፡ ናይ ጉዳእ ርእሶም ምምሕዳር ኣለዎም፡፡ ካብ ወለዶታት ዝወራረስ ናይ ስልጣን መዝነት ድማ ይውንኑ፡፡ ኣብ ታሪኽ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ደቡብ ኣፍሪቃ ዓቢ ጽልዋ ዘተረፉ ዓበይቲ ውልቀሰባት፡ ውሉዳት ናይዚ ቀቢላ እዚ እዮም፡፡

## ዱጎንግ

ዱጎንግ መብዛሕትኡ እዋን ኣብ ከባቢ ህንዳዊ ውቅያኖስ ዝርከብ ኮይኑ፡ ሓደ ካብ ዓሌት በላዕቲ ሳዕሪን ማእከላይ ግዝፈ ዘለዎምን መጥበውቲ ባሕሪ እዩ፡፡ ዱጎንግ ሓድጊ ናይ ዝጸንቱ ኣብ ባሕሪ ዝነበር በላዒ ሳዕሪ እዩ፡፡ ቀንዲ መግቢ ድጎንግ ኣብ ኣቓጽልቲ ባሕሪ ስለ ዝምርኩስ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ብዙሕ ሳዕሪ ዝርከቦ ክፋል ውቅያኖሳት እዩ ዝርከብ፡፡ ልክዕ ከም ካልኦት በላዕቲ ሳዕሪ ሸልሕ ዝበለ ኣቃውማ ይውንኑ፡፡ ዱጎንግ ብዘለዎ ምቁር ስጋን ዘይትን ንኣሽሓት ዓመታት ክህደን ጸኒሑ እዩ፡፡ ስለዚ፡ ዋላ'ኳ ኣብ ህንዳዊ ውቅያኖስ ይርከብ እንተ በልና፡ ህሉው ቦታኡ ግን ብዙሕ ርጉጽ ኣይኮነን፡፡ ምስ ዘለዎ ውሑድ ዓቕሚ ምፍራይ፡ ዱጎንግ ንምጽናት ዝተቓልዐ ምኳኑ ስነፍልጠታውያን ይሕብሩ፡፡ ኣውስትራልያ ብዘበዛሒ ዱጎንግ እትፍለጥ ሃገር እያ፡፡ እቲ ዝዓበየ ዝተረፈ ጉጅለ ኣብ ሞዛምቢክ ኣብ ዝርከብ ዕቑር ማያት ሃገራዊ ፓርክ ባዙቶ ኣርኪፔላጎ ዝነብሩ ኣስታት 300 ዱጎንግ ዝሓቑፈ እዩ፡፡



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣማኒኤል ኣብርሃ ጉብረመድህን፡ ብዓልቲ ቤተይ ኣልጋሽ ረዘ ስለዝተሰወኣት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸለም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሄኖክ በየነ ወልደሩፋኤል፡ ኣደይ ለተንስኤ ሃብተማርያም ማሉ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተስፋይ ሃብትየስ በይንን ወ/ሮ ለምለም ተስፋስላሰ ተከኤን፡ ጓልና መምሪልዋም ተስፋይ ሃብትየስ ስለዝዓረፈት፡ ንሕና ወለዳ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ሃደለ ተስፋምህረት እምባዩ፡ በዓልቲ ቤተይ ቅድስቲ ኪዳነ መንግስ ስለዝተሰወኣት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸለም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ራሕማ ግደ ሓሰን፡ ስም ኣደይ ሳዕድያ ሓምድ ምባል ተሪፉ፡ ሳዕድያ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመላ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጀሚላ መሓመድ ኣደም ሰዒድ ምባል ተሪፉ፡ ጀሚላ መሓመድ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ማካ ሓሰን ያቆብ፡ ስም ኣደይ ጀምዓ መሓመድ ዐስማን ሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ጀምዓ እድሪስ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምጽላል ረዘ፡ በዓል ቤተይ ኣፍም ጋይም ተኽለማርያም ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ሰሊያና ሓይለኣብ ታደሰ ምባል ተሪፉ፡ ሳሊና ሃይልኣብ ታደሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ወ/ሮ ሊያ ጉብረኪዳን ዑቕባዘጊ፡ በዓል ቤተይ ኣቶ መርሃዊ ጎይትኦም ጸገዘኣብ ን4 ዓመት ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ከድጃ እድሪስ ዐስማን፡ በዓል ቤተይ መሓመድ ዓብደላ ሳልም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ስምቡቱ ሃብተሚካኤል ገ/ሚካኤል፡ በዓል ቤተይ ፍስሃየ ሰዩም በርሀ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸለም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኰሉኩ

ወ/ሮ ገርሰት ኣቡዱላ ላገ፡ ኣቦይ ኣቡዱላሂ ላጊ ባሻ ስለዝዓረፈ፡ ነደይ ማጉ ጋላ ጅብራ ናይ መጻምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፡ 3 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ወላዲተይ ርግበ ደስታ ጉብረእግዚኣብሄር ዝተባህለት፡ ኣብ ከተማ ሰገንፈ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ሰገንፈ ከበቢ ማእከል ከተማ ፕሎት 35 ፓርሰል "P" ዓይነት ተራ ገዛ 3 ቀንዲ ክፍሊ 1 ክሽነ 2 ዓይነ ምድሪ ዘጠቓልል ስፍሓቱ 288.30 ት/ሜ፡ ብቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቑጽሪ 4BRSEN003308/0 ብዕለት 11/01/2023 ብስማ ዝተረጋገጸሉ ብሀያብ ስለ ዝሃበትኒ'ሞ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሓዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ዞባ ደቡብ ክፍሊ ቴክኒክ ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለዉ ሰነዳት ጉዳየይ ክውድእ ምኻነይ እሕብር።

ኣብርሃለይ ዄረ ጭሮም

---

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/ማሰል ወረ/ኑ ተኽለ ሃብተሚካኤል ኣቶ ጎይትኦም ተኽለ ሃብተሚካኤልን ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ኑ ተኽለ ሃብተሚካኤል ወ/ሮ ህድኣት ተኽለ +4ን ብዘሎ ናይ ምቕሊት ውርሲ ጉዳይ፡ ቤት ፍርዲ ዞባ ብዕለት 27/07/2023 ብቑ/መዝ 1060/23 ዝሃቦ ናይ ፈጻሚ ትእዛዝ ምርኩስ ብምግባር ኑቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ገዛ ባንዳ ከበቢ ማይ ጭሆት ጎደና 199-5 ዚፕ ኮድ 1 199 ቁ/ገዛ 25 ዝርከብ ብስም ኣቶ ተኽለ ሃብተሚካኤልን ነፍ/ተኽለ ሃብተሚካኤል ጎደፋን ዝተመዝገበ ህንጻ መበገሲ ዋጋ ሓራጅ 152,407.59 ( ሓደ ሚእትን ሓምሳን ክልተ ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን ሸውዓተ ናቕፋ 59%) እዩ። እዚ ህንጻ ኣብ 150.00 ት/ሜ ዝተደኮነ ተራ ገዛ ኮይኑ፡ ኣርባዕተ ቀንዲ ክፍልን ኣርባዕተ ሓገዝቲ ክፍልን ዘጠቓልለ እዩ። ስለዚ፡ ኣብቲ ዝግበር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ፡ ካብ ዝቐረበ ግምት 1/4 ብስም ሕሳብ ፈጻሚ ፍርዲ ሰ/ፒ/ኦ ብምስራሕ ወይ በክ ሕሳብ ሐዙ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ሐዙ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ተወዳዳሪ ቅድሚ ዕለት ጨረታ 5+ ናይ ስራሕ መዓልታት ዘሎ፡ ክበጽሖ ዝደሊ መጠን ገንዘብ ብቑጽርን ብኣሃዝን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ላ/ቤ/ፍርዲ ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ ቁ/62 ዘሎ ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ። ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕረቡ ጨረታ ደው ኣይብልን እዩ።

ንዘይዳ ሓበሬታ ኣብ ቁ/08 ተወከሱ።
ቦታ ጨረታ፦ ላ/ቤ/ፍ ቁ/27
ሰዓት ጨረታ፦ 3:00-4:00

ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

---

ማሕበር ኤርትር ጀርመን
ERITREISCH - DEUTSCHE VEREIN
ERITRO - GERMAN ASSOCIATION

ትምህርቲ ቋንቋ ጀርመን ምዝገባ ጀሚርና ኣሎና
ካብ A1 ክሳብ A2 ዝዓለመ ዝተፈላለዩ ደረጃታት ትምህርቲ
ንህብ ከም'ኡ'ውን ሙከራት መምሃራን ከም ዘለውና
እንዳሓበርና ክትምዝገቡ ብኽብሪ ንዕድመኩም ንኽፍሊት
ዝምልከት ወርሓዊ 400 ናቕፋ ምኻኑ ንሕብረኩም።
ብተወሳኺ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ኤርትራ ቋንቋ ቱርኪ
ብርትዓዊ ዋጋ ከምዝጀመርና ክነበስረኩም ንደሊ።

TEL: 122193

---

## ምስጋና

ብዕረፍቲ ክብርቲ ኣዴናን ሓፍትናን ወ/ሮ ኣበባ ባህታ ጉብረማስቀል ከም'ኡ'ውን ብዕረፍቲ ክብርቲ ዓብይናን ኣዴናን ወ/ሮ ዘበሽ ተስፉ ደስታ ዝተሰማዓና መሪር





ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ጉዳም ኣቡነ ብጹኣምላኽ ጎደይቲ ዘቓበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና፣ ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ከም ዝዋጸና ብኣኽብሮት ንሕብር።

ደቃን ምስ ምሉኣት ስድራቤት

---



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ክቡር በዓል ቤተይ ሰለሙን ጺጋይ ሓደራይ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ጸሎት ዘቓበርኩምና፡ ብኣካል እናተመላለስኩምን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና፣ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከም ዝዋጸና ንገልጽ።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ፍረወይኒ ኣብርሃ
ምስ ምሉእ ስድራቤቱን ደቁን

---



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ክቡር ኣቦና ሃይለስላሴ ዘራጸዮን ንገሰ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማሙን ዕለት ሞቱን ዝበጻሕኩምናን ዘጸናናዕኩምናን ከም'ኡ'ውን ክሳብ ዓዲ ብምኻድ ዘቓበርኩምና፣ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከም ዝዋጸና ንገልጽ።

ደቁ ምስ ምሉእ ስድራቤቱ

---


ኣነ ዓብዱ እስማዒል መሓመድ ዝተባህልኩ፡ ኣብ ከተማ ሰገንፈ ምም/ዓከር ዞን 2 ዝርከብ፡ መንበርን ትካልን ዝኾነ፡ ብቑ/ምስክር ወረቐት 520632 መወከሲ ቁጽሪ 521799 ካብ ሰዒድ ዓሊ ዓብደላ ኣብ 1975 ዓ/ም/ግ ዝዓደግኩዎ ገዛ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሐዙ ናብ ክፍሊ ቴክኒክ ን/ዞባ ሰገንፈ ይቕረብ፡ ዝቃወም እንተዘየለ ግን ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምኻነይ እሕብር።

ዓብዱ እስማዒል መሓመድ

---

ኣነ ወ/ሮ በደሉል ሚካኤል ጉብረክርስቶስ ምስ ሓፍተይ ልዋም ሚካኤል ጉብረክርስቶስ፡ ካብ ወላዲና ነፍ/ሚካኤል ጉብረክርስቶስ ሸፋረ ብውርሲ ዝረኸብናዮ ገዛ፡ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ጎዳይፍ-ቀሓውታ (ዞባ 3 ምም 05 ጎደና 104 ቁ/ሎታ17 ፓርሰል ኤም ቁ/ገኣ 31 ነበር) ዝርከብ፡ ብኮሚሽን ኣባይቲ ብምስክር ወረቐት ቁ/122808 ብመለለዪ ቁጽሪ 117114 ብስሙ ዝተረጋገጸ፡ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸኣሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሐዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ወይ ድማ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተር ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ናብ ስምና ከም እነመሓላልፍ ኣፍልጥ።

በደሉል ሚካኤል ጉብረክርስቶስ



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ፈርዲናንድ ንራሽፎርድ ይምዕድ



ሪዮ ፈርዲናንድ፡ ኣጥቃዓይ ማን ዩናይትድ ማርከስ ራሽፎርድ፡ ኑቲ ሰንከልከል ዝበል ዘሎ ናይ ጸወታ ግዝኡ ዳግማይ ንምብርባር፡ ካብዛ ጋንታ ክወጽእ ክግደድ ከምዝኽእል እምነቱ ገሊጹ።

ኣብዚ ወቕቲ ኣድማዒ ኣጥቃዓይ ክኸውን ዘይክኣለ ዘሎ ራሽፎርድ፡ ዛጊት ካብ 36 ዝተፈላለዩ ግጥማት፡ ሸሞንተ ሸቶታት ጥራይ እዩ ኣመዝጊቡ ዘሎ፣ ሸዱሽተ ዕድላት ከኣ ሃንዲሱ። ወላ'ኳ እዚ ወቕቲ ገለ ግጥማት ተሪፍዎ እንተሃለወ፡ ምስቲ 30 ሸቶታት ዘመዝገበሉ ናይ ዝሓለፈ ዓመተ-ስፖርት ብቕዓቱ ብምንጽጻር፡ ኣዝዩ ኣንቈልቍሉ ከምዝርከብ ይትንተን።

እዚ ወዲ 26 ዓመት ተጻዋታዊ፡ ካብ ሜዳ ወጻኢ ብዝርአዮ ዘሎ ተግባራት'ውን ግዳይ ነቐፌታ ኮይኑ እዩ። ዝሓለፈ ወርሒ ጥራይ ኣብ ሓደ ለይታዊ ትልሂት ሓዲሩ ንጽባሒቱ ኣብ ዝነበረ ልምምድ ጋንታኡ ከምዘይተረኽበ ይዝከር። ዝሓለፈ ዓመት - ወርሒ ጥቅምቲ'ውን፡ ብማን ሲቲ 3-0 ድሕሪ ምስዓሮም፡ ዕለተ ልደቱ ንምብዓል ኣብ ለይታዊ ትልሂት ብምርኣዩ ንኣሰልጣኒኡ ኣቐጢዑን ግዳይ ነቐፌታ ኮይኑን።

ብሓፈሻ ራሽፎርድ፡ ኣብዚ ወቕቲ ክኽእ ብዘርኣዮ ደካም ሃለዋት ምንጻርን ብዝሰፍሐ ስዒቡ ዝግበሮ ዘሎ ጸቕጢ ... ብቕዓቱ፡ ኣብታ ንዋንጫ ኤውሮጳ 2024 እተቃምት ዘላ ሃገራዊት ጋንታኡ እንግሊዝ ዘለዎ ቦታ ኣብ ሓደጋ ክኣቱ ከምዝኽእል'ውን ይእመት።

ፈርዲናንድ፡ ብዛዕባዚ ተጻዋታይ ክዛረብ እንከሎ፡ "ከምዝመስለኒ እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ህሞት ናይ ጸወታ ግዝኡ ሕጂ እዩ፣ ድሕሪ ደጊም ቀልዓ ኣይኮነን። ክፍጽሞ ዘለዎ ዓቢ ውሳኔ ኣለዎ። ኣብ ከባቢኡ መን ኣሎ፣ ኣብ ግዳም ዘለዉ ሰባት በዓል መን እዮም? ቅኑዓት ሰባት ድዮም? ክርኢ ኣለዎ። ዚ ርእዩ ድማ ክውስን ኣለዎ።" ኢሉ።

እዚ ናይ ቀደም ተኸላኻሊ ማን ዩናይትድ፡ ኣብቲ ናይ ጸወታ ግዝኡ፡ ኣብ ዓመተ 2000 ንፎስትሃም ገዲፉ ናብ ሊድስ ቅድሚ ምኻዱ፡ ናብታ ዝመርጻ ቸልሲ ክስጋገር ይኽእል ምንባሩ የረድእ። እንተኾነ ናብ ሊድስ ዝኸደሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ካብ ከተማ ለንደን (ቸልሲ እትርከበሉ ቦታ) ንምውጻእን ካብቶም ኣብ ከባቢኡ ዝነበሩ ሰባት ንምርሓቕን ምዃኑ የረድእ።

ንሱ፡ ራሽፎርድ፡ ካብቶም ኣብ ከባቢኡ ዘለዉ ሰባት ንኸይጸላገል ካብ ዩናይትድ ክወጽእ ክውስን ወይ ከኣ ኣብ ዩናይትድ ክጸንሕን ምስኣም ክህሉን ክውስን ከድልዮ ምዃኑ የረድእ። "ምኽንያቱ እቶም ኣብ ከበቢ'ኻ ዘለዉ ሰባት ኣብ ከመይ ደረጃ ከምዘለኻ ዓቢ ጽልዋ ኣለዎም፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ተሓታትነት።" ክብል፡ እዚ መንእሰይ ተጻዋታይ ዘሎዎ ውሳኔ ይጸበዮ ምህላዉ፡ ተመኩሮኡ ብምክፋል ኣጠንቂቕዎ።

## ነገረ ፎደን

ሰለስ ምሽት ሃትሪክ ዝሰርሐ ኣከፋፋሊ ማን ሲቲ ፊል ፎደን፡ ብዝበዝሐ ሃትሪክ ምስ ህቡብት ተጻወትቲ ፕሪመር ሊግ ሮናልዶ፡ ላምፓርድን ድሮግባን ተመዓራርዩ።

ማን ሲቲ፡ ኣብታ ምሽት ንኣስቶን



ቪላ ዓዲማ 4-1 ከምዝሰዓረታ ይፍለጥ። እንግሊዛዊ ፎደን ከኣ፡ ድሕሪ'ታ ሮድሪ ዘመዝገባ ቀዳመይቲ ሸቶ፡ ንሰለስቲኣን ብምቝጻር ሃትሪክ ክሰርሕ ክኢሉ፣ ኣብ ናይ ጸወታ ግዝኡ ሳልሰይቲ ሃትሪክ ፕሪመር ሊግ ምኻና እያ።

ኣብ ዝሓለፈ ... ብዝበዝሐ ሃትሪክ ምስ ናይ ቀደም ብሉጻት ተጻወትቲ እዚ ሊግ - ኣጥቃዓይ ማን ዩናይትድ ዝነበረ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ ከምኡ'ውን ተጻወትቲ ቸልሲ ምስ ዝነበሩ ፍራንክ ላምፓርድን ዲድየር ድሮግባን ተመዓራርዩ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ ተጻወትቲ፡ ኢደን ሃዛርድ፡ ኣሌክሲ ሮይ ከን፡ ሉዊስ ሱዋረዝ፡ ሮቢ ፎውለርን ኣውን ኣብ ሰለስተ ጸወታታት - ሰለስተ ሸቶታት ኣመዝጊቦም እዮም።

ፎደን፡ ቀዳመይቲ ሃትሪክ ኣብ ጥቅምቲ 2022 ኣብ ልዕሊ ማን ዩናይትድ እዩ ሰሪሕዋ። ዝሓለፈ ወርሒ ድማ ከኣ ንብሬንትፎርድ 3-1 ኣብ ዝሰዓሩሉ ጸወታ ንኹለን ሸቶታት ብምቝጻር፡ ንኻልኣይ ግዜኡ ኣብቲ ግጥም ንዝተጻወቱላ ኩዕሶ (ሃትሪክ ንዝሰርሐ ተጻዋታይ ከም እትወሃብ ይፍለጥ) ወሲድዋ።

ኣብ ታሪኽ እዛ ጋንታ፡ ካርሎስ ተቨዝ - ኣርባዕተ፡ ስተርሊንግን ሃላንድን ድማ ሓሓሙሽተ ግዜ ሃትሪክ ብምስራሕ ቅድሚ'ዚ ተጻዋታይ ተሰሪዖም ኣለዉ። እንተ ሰርጂዮ ኣጉዌሮ፡ ስሙ ቀዲሙ ዝቐጀለካ ኣርጀንቲናዊ ሰርጆ ኣጉዌሮ፡ ብ12 ብዝሓ ሃትሪክ ብደረጃ ጋንታን ፕሪመር ሊግን ቀዳሲ እዩ።


እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብዚ እዋን ብሉጽ ብቕዓት ዘርኢ ዘሎ ፊል ፎደን ኣብዚ ወቕቲ ኣብ ኩሉ ውድድር 21 ሸቶታት (14 ኣብ ፕሪመር ሊግ) ኣመዝጊቡ ኣሎ፣ 10 ቀረብቲ'ውን ገይሩ ይርከብ። በዚ ድማ ሓደ ካብቶም ሓሙሽተ እንተውሓደ - 20 ሸቶታትን 10 ቀረብትን ዝገበሩ ተጻወትቲ ሓሙሽተ ዓበይቲ ሊጋት ኤውሮጳ ኮይኑ ኣሎ። እንግሊዛውያን ሃሪ ኬን፡ ጁድ በሊንግሃም፡ ኦሊ ዋትኪንስ ከምኡ'ውን ግብጻዊ ሞ ሳላሕ እቶም ኣቐዲሞም ኣብዚ ዝርዝር ኣትዮም ዝጸንሑ እዮም።

## ዜና ብሓጺሩ

ሕጹያት ወርሓዊ ሽልማት ፕሪመር ሊግ

ኣጥቃዓይ ኒውካስል ኣለክሳንደር ኢሳቕ፡ ኣከፋፋሊ ሊቨርፑል ማክ ኣሊስተር፡ ተኸላኻሊ ኣርሰናል በን ዋይት፡ ኣጥቃዓይ ቶተንሃም ሶን፡ ኣጥቃዓይ ቸልሲ - ፓልመር፡ ኣጥቃዓይ ፉልሃም ሙኒዝን ኣጥቃዓይ ቦርንማውዝ ሰመንዮን ንሽልማት ብሉጽ ተጻዋታይ ወርሒ መጋቢት ተሓጺዮም።

ኣሰልጣኒ ከኣ፡ ኣንዶኒ ኢራዮላ - ቦርንማውዝ፡ ሚከል ኣርቴታ - ኣርሰናል፡ የርገን ክሎፕ - ሊቨርፑል፡ ኣንጅ ፖስተኮግሉ - ቶተንሃም ተመሪጾም ኣለዉ። መን ይዕወት ትብሉ?




ምንጪ - ፕሪመር ሊግ

መጻኢ ዲ ሮሲ

መጻኢ ግዝያዊ ኣሰልጣኒ ሮማ ዳኒኤል ዲ ሮሲ፡ ኣብዞን ዝቕጽላ መዓልታት ክፍለጥ ምዃኑ፡ ናይ ኢጣልያ ምንጪታት ሓቢሮም።

ዲ ሮሲ፡ ብ16 ጥሪ - ንቦታ ሆዜ ሞሪኖ ተኪኡ ብናይ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ውዕል መዚኡ ከምዝተቐበለ ይዝከር። ዛጊት ኣብ 10 ናይ ሊግ ግጥማት ከኣ ክረኽቦ ካብ ዝነበሮ 30 ነጥቢ 23 ብምምጻኡ፡ ነዛ ጋንታ ትንፋስ ሰኺዑላ ይርከብ።

ወላ'ኳ ኣዕጋቢ ውጽኢት የመዝግብ ይሃሉ፡ ወነንቲ ናይ'ዛ ጋንታ ግና፡ ነዊሕ ዓመታት ዝጸንሖ ውዕል ክሀብዎ ዛጊት ኣይወሰኑን ኣለዉ። እዚም ምስዚ ናይ ቀደም ተጻዋታይ ኣብ መወዳእታ እዛ ወርሒ ክራኸቡ ምዃኖም ዝገለጹ ወነንቲ፡ ኣብ ዝቕጽላ ሳምንታት ዘሎ ውጽኢት ክርእዩ መሪጾም ኣለዉ።

እዛ ጋንታ፡ ናብ ሻምፕዮንስ ሊግ ካብ ዘእቱ ኮታ ብሓሙሽተ ነጥቢ ድሕሪ ሓሙሻይቲ ተሰሪዓ ትርከብ፡ ዝመጽእ ሰሙን 11 ሚያዝያ ድማ፡ ኣብ ርብዒ ፍጻመ ኤውሮፓ ሊግ ምስ ኤሲ ሚላን ክትራኸብ እያ።

- ፉትቦል ኢጣልያ

## መጻኢ ሉካኩ...

ምስ ሮማ ዘለዎ ናይ ልቓሕ ግዜ ኩበቕዕ ኣዋርሕ ተሪፍዎ ዘሎ ሮሜሉ ሉካኩ፡ መጻኢኡ ኣብ ጠልጠል ከምዘሎ ተሓቢሩ።

እዚ ዓርሞሸሽ ኣጥቃዓይ፡ ኣብ ክረምቲ 2021 - ብልዕሊ 90 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ኢንተር ሚላን ናብ ቸልሲ ደጊሙ ምስግጋሩ ይዝከር። ይኹን'ምበር፡ ኣብዛ ጋንታ ምስ ቀወምቲ ተጻወትቲ ክሰርዖ ዝኽእል ብቕዓት ብዘይምንጽብራቑ ድሕሪ ሓደ ወቕተ-ስፖርት ናብታ ዝመጽኣ ጋንታ ኢንተር ተመሊሱ። ኣብታ ጋንታ ንሓደ ዓመት ተጻዊቱ ከኣ ደጊሙ ብልቓሕ ንዓመተ-ስፖርት 2023-24 ንምጽዋት ናብ ሮማ ኣቕኒዑ።

እዚ ተጻዋታይ፡ ኣብዛ ኣብ ርእሰ ከተማ ኢጣልያ እትርከብ ክለብ ዝሓሸ ምንቅስቓስ የርኢ ምህላዉ እዩ ዝዝምዝም። ዛጊት ነዛ ጋንታ፡ ኣብ 38 ዝተፈላለዩ ውድድራት 18 ሸቶታት ኣመዝጊቡላ ኣሎ። በዚ ሒዝዎ ዘሎ ኣቃውማ ከኣ ሮማ ብቐዋሚ ክተፈርሞ ድሌት ከምዘለዋ ይሕበር።



እንተኾነ ሮማ ኑቲ ቸልሲ ለጢፋትሉ ዘላ መልቀቒ ዋጋ - 43 ሚልዮን ዩሮ (36.8 ሚልዮን ፓውንድ) ክትሽፍና ከምዘይትኽእል ይግለጽ። ምኽንያቱ እዛ ኢጣልያዊት ክለብ 'ብፋይናንስያዊ ፍትሓዊ ጸወታ' ተቐይዳ ብምህላዋ። በዚ ከኣ ቀዋሚ ተጻዋታይ ናይ'ዛ ጋንታ ክኸውን ዘለዎ ተኽእሎ ስሑው ምዃኑ፡ ጋዜጣታት ኢጣልያ ይእምታ።

በቲ ሓደ ወገን ከኣ ቸልሲ፡ ነዚ ተጻዋታይ ናብ ክለባት ስዑዲ ዓረብ ክትሸጦ ሕቶ ኣቕሪባ ምህላዋ፡ ጋዜጣ ጎል ተረድኡ። እዛ ኣብዚ ወቕቲ ሕማቕ ኣቃውማ ሒዛ ዘላ ክለብ፡ ከም መጠኒ ልዕል ኢሉ - 60 ሚልዮን ዩሮ (51 ሚልዮን ፓውንድ) ካብዚ ተጻዋታይ ክትረክብ ሓሰባ ኣላ። እንተወሓደ 40 ሚልዮን ዩሮ (35 ሚልዮን ፓውንድ) ክትረኽበሉ ከኣ ትጽበት ገይራ ትርከብ።

ቸልሲ፡ ንሉካኩ ክትሸጦ ደልያትሉ ዘላ ቀንዲ ምኽንያት፡ ኣታውን ወጻኢን ሕሳባታ ንምምዕርራይ እዩ። እዛ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት፡ ኣብ ምሽማት ተጻወትቲ ኣስታት ሓደ ቢልዮን ፓውንድ ዘውጸአት ጋንታ፡ ኑቲ ካብ ዝሸጠቶም ተጻወትቲ እትረኽቦ ኣታዊ ክብ ንምባል ድማ እያ ነዚ ኣጥቃዓይ ክትሸጦ ኣንቂዳ ዘላ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሉካኩ፡ "ናይ 2023 ዝበለጸ ወጻእተኛ ተጻዋታይ" ሃገረ ኢጣልያ ተባሂሉ። ብናይ ሸቶ ምቝጻር ክእለቱን ኣካላዊ ድልዳልነቱን ዝፍለጥ እዚ ኣጥቃዓይ፡ ዛጊት ካብ 27 ናይ ሊግ ጸወታታት 10 ሸቶታት ንጋንታኡ ሮማ ኣበርኪቱላ ኣሎ። እዛ ሽልማት፡ ካብ 1991 ጀሚራ ብማሕበር ጋዜጣ ወጻእተኛታት እያ ትዕደል ዘላ።

## "ሲልቫ፡ ብዛዕባ ባርሳ ኩሉ ግዜ እዩ ዝሓተኒ" ፈሊክስ

ፖርቱጋላዊ ጃኦ ፈሊክስ፡ ወዲ ሃገሩ ተጻዋታይ ማን ሲቲ በርናንዶ ሲልቫ፡ ኩሉ ግዜ ብዛዕባ ባርሴሎና ከምዝሓቶ ተዛሪቡ።

ሓደ ካብ ዝበለጹ ተጻወትቲ እዚ እዋን ዝኾነ ሲልቫ፡ ኣብ ራዳር ባርሴሎና ካብ ዝኣተወ ሓጺር ኣይገበረን። ብፍላይ ድሕሪ ምዝዛም ዓመተ-ስፖርት 2022-23፡ ምስ'ቲ ወዲ ጋንታኡ ዝነበረ እሞ ኣብ ክረምቲ 2023 ናብ ባርሳ ዝተሰጋገረ ኢልካይ ጉንዶጋን ክፃዕዛ ዝለዓለ ተኽእሎ ከምዝነበሮ ይግለጽ። እንተኾነ ምስ ጋንታኡ ሲቲ ክሳብ ሰነ 2026 ዝጸንሖ ሓዲሽ ናይ ሓደ ዓመት ውዕል እዩ ፈሪሙ። ዛጊት፡ ኣብ መደብ እዛ ጋንታ ከምዘሎ ግና ይሕበር።

ፈሊክስ፡ ትማሊ ምስ ሓንቲ ጋዜጣ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-ምልልስ፡ ናብዛ ጋንታ ክስጋገር ከምዝደልዮ ብግልጺ ተዛሪቡ። "ተስፋ እገብር ባርሳ ንሲልቫ ክተፈርሞ። ንሱ ብሉጽ ተጻዋታይ እዩ። ኩሉ ግዜ ብዛዕባ'ዛ ጋንታ ይሓተኒ እዩ። ኣነ ከኣ ባርሴሎና ንዕኡ እተምችእ ጋንታ ምዃና ነጊረዮ።" ይብል። "ንሓንቲ መዓልቲ ዳይረክተር ስፖርት እዛ ጋንታ እንተዝኸውን ነይረ፡ ብዘይጥርጥር ንበርናንዶ መፈረምክዎ።" ድማ ይውስኽ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሓደ ካብ ዝኸበሩ ተጻወትቲ ዝኾነ እዚ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ፡ ሲልቫ፡ ነታ መሲ ዝለብሳ ዝነበረ ማልያ ቁጽሪ 10 ክለብሳ ከምዝደሊ'ውን ኣቃሊዑ። "ክለብሳ ድሌቱ እዩ። ኣብዛ ጋንታ ኣዝያ ኣገዳሲት ቁጽሪ እያ፣ ንዝኾነ ሰብ ግና ኣይትወሃብን እያ። ኣነ ዝፈትዋ ቁጽሪ እያ፣ ለቢሰያ ግና ኣይፈልጥን።" ኢሉ።

ፈሊክስ፡ ነዚ ዓመተ-ስፖርት ብልቓሕ ካብ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ናብዛ ካታሎኛዊት ክለብ ምጽምባሩ ይዝከር። "ኣብዛ ጋንታ ክቕጽል ሕገስ እየ፣ እንተኾነ ኣባይ ዝምርኮስ ኣይኮነን። ዝመጽእ ብሓባር ንተዓዘቦ።" ብምባል ከኣ መጻኢኡ ንምፍላጥ ንግዜ ከምዝገደፎ ኣረዲኡ።



# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ዩክሬን ንምድጋፍ ዝቐረበ እማመ ተቐባልነት ይስእን



ንዩክሬን ተወሳኺ ናይ 107.6 ቢልዮን ዶላር ወተሃደራዊ ደገፍ ክግበር ዝቐረበ እማመ፡ ብሓያሎ ኣባል ሃገራት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ - ኔቶ ተቐባልነት ከምዘይረኸበ ተገሊጹ።

እቲ እማመ፡ ብዋና ጸሓፊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ - ኔቶ ጀንስ ስቶልተንበርግ እዩ - ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ኣባል ሃገራት፡ መበል 75 ዝኽሪ ምምስራት እቲ ኪዳን ንምጽምባል ኣብ ብራሰልስ ኣብ ዝተራኸቡሉ እዋን ቀሪቡ።

ከምዚ ዓይነት ደገፍ ንምቕራብ ቀሊል ከምዘይከውን ክገልጹ ዝጸንሑ ኣባል ሃገራት፡ ብኣውራኡ እቲ ናብ ዩክሬን ዝለኣኽ ወተሃደራዊ ደገፍ - ልዕሊ ዓቕመን እናኾነ ይመጽእ ብምህላው፡ ከቋርጽኦ ከምዝኽእላ እዮን ከጠንቅቓ ጸኒሐን።

በዚ ድማ፡ ኣብቲ ዝሓለፈ ረቡዕ ዝተኻየደ ርክብ ናይ'ቶም ሚኒስተራት፡ ብርክት ዝበላ ሃገራት ኣብቲ እማመ ዕቃበታት ከምዘለወን ከምዘይተቐበላኦን ተቓሊሐ።

ስቶልተንበርግ፡ እቲ ደገፍ ኣብ ወርሒ ሓምለ ኣብ ዝካየድ ዋዕላ መራሕቲ ኣባላት ሃገራት-ኔቶ ውሳነ ክወሃቦ ምዃኑ እኳ እንተገለጹ፡ እቲ ኣብ ውሽጢ 5 ዓመታት ክትግበር ተወጢኑ ዘሎ ደገፍ ክውን ክኸውን ግና - ምርድዳእ ናይ'ተን 32 ኣባል ሃገራት ወሳኒ ምዃኑ ኣስሚሮሉ።

ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ፌደረሽን ሩሲያ ማርያ ዛካሮቫ - ዝሓለፈ ረቡዕ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ ብወገና፡ ኔቶ ናብ ኣተሓሳስባ ዝሓሉፈ ኩናት ተመሊሱ ምህላዉን፡ እቲ ኪዳን ኣብ 'ብዙሕ ቀጽራዊ ዓለም' ቦታ ይስእን ከምዘሎን ኣገንዚባ።

## ኣመሪካ፡ ህላወኣ ኣብ ኢንዶ-ፓሲፊክ ንምስፋሕ ትሰርሕ



ኣመሪካ፡ ህላወኣ ኣብ ዞባ ኢንዶ-ፓሲፊክ ንምሕያል ኣብ ጃፓን ክትምስርቶ መደባ ዘላ ኽቕጣ ኣሃዱ ጠፈር፡ ኑቲ ዞባ ኣብ ጸጥታዊ ቅልውላው ዘእቱ ምዃኑ - ወተሃደራውያን ክኢላታት ኣጠንቂቖም።

ኣመሪካን ጃፓንን ዝሓለፈ ዓመት ኣብ'ቲ ጉዳይ ስምምዕ ከምዝበጽሓ ኣብ ግብሪ ንምውዓሉ ይሰርሓ ምህላወንን እዩ ዝሕበር።

እታ ሃገር ኣቐዲማ ኣብ ደሴት ሃዋይን ደቡብ ኮርያን ተመሳሳሊ ኽቕጣታት ምድኳና ዝሕብሩ ጸብጻባት፡ እዚ ኣብ ጃፓን ክምስረት ተወጢኑ ዘሎ ክኣ - እቲ ዝዓበየ ክኸውን ከምዝኽእል ይእምቱ።

ኣሃዱ ጠፈር ኣመሪካ ብቐንዱ፡ ኣብ ስሊያ ስትራተጂያዊ ኣጽዋር ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና፡ ጸረ-ሳተላይት ስርዓታትን ካልእ ምስ ወተሃደራዊ ወፍሪ ኣመሪካ ዝተኣሳሰር ንጥፈታትን ዘተኩረ ምዃኑ እዩ ዝሕበር።

እዚ መደብ እዚ ግን፡ ኑቲ ኣብ ሞንጎ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ኣመሪካን ዘጸንሐ ፍልልያት መሊሱ ኪጋድዶ ከምዝኽእል ተንተንቲ የገንዝቡ።

## ኣብ ዚምባብወ ብሰንኪ ደርቂ ኣዋጅ ህጹጽ እዋን ተመሓላሊፉ

ፕረዚደንት ዚምባብወ ኤመርሰን ምናንጋግዋ፡ ኑቲ ብቐጻሊ ኣብ'ታ ሃገር ዝኸሰት ዘሎ ደርቂ ንምምካት - ናይ ህጹጽ እዋን ድንጋገ ኣዊጁ።

ፕረዚደንት ምናንጋግዋ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እታ ሃገር ብሰንኪ ትሑት መጠን ዝናብ - ዝመጽእ እዋን ንዘጋጥም ጥምየት ንምምካት፡ 2 ቢልዮን ዶላር ከምዘድልያ ገሊጹ።

ኣብ ዚምባብው ሕጽረት እኽሊ ንሓፈሻዊ ዋጋታት መዓልቲ ዝዓዳ ከምዝገበሮ ዝገልጹ ጸብጻባት፡ ብጠቕላላ 2.7 ሚልዮን ህዝቢ ንደርቂ ተቓሊዑ ምህላዉ ሓቢሮም።

ዛምብያን ማላዊን ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ብሰንኪ ደርቂ ኣዋጅ ህጹጽ እዋን ምትሕልላፈን ይዝከር።

ዓለማዊ ፕሮግራም መግቢ እውን፡ ኣብዚ እዋንዚ 13.6 ሚልዮን ሰባት ኣብ'ቲ ዞባ ሕጽረት መግቢ የጋጥሞም ከምዘሎ ኣገንዚቡ።

ኣብ ጸዓት ሃይድሮኤሌክትሪክ ከምእትምርኮስ ዝንገረላ ዚምባብወ፡ ብሰንኪ ዓለማዊ ኩነታት ኣየር - 'ኤል-ኒኖ' ዝመጽእ ዝናብ ዘይምህላው፡ ኣብ ሓይሊ ኤሌክትሪክ እውን ብደሆ ገጢምዋ ከምዘሎ እዩ ዝገለጸ።



## ኢራን - ብሸበራዊ መጥቃዕቲ 5 ኣባላት ጸጥታ ተቐቲሎም

ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ኢራን፡ ኣብ ዝርከብ ቀንዲ ቤት-ጽሕፈት ሓለዋ ሰውራ ኢራን ብዝተፈጸመ ክልተ ሃንደበታዊ ሸበራዊ መጥቃዕቲታት፡ ብውሑዱ ሓሙሽተ ኣባላት ሓይልታት ጸጥታ ኢራን ከምእተቐተሉ ኣገልግሎት ዜናታ ሃገር ሓቢሩ።

ምክትል ሚኒስተር ወሽጣዊ ጉዳያት እታ ሃገር ማጅድ ሚራሕማዲ - ንመንግስታዊ ቴሌቪዥን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "እቶም ኣሸበርቲ፡ ኣብ ቻባሃርን ራስክን ንዝርከብ ኣብያተ-ጽሕፈት ሓለዋ ሰውራ ንምሓዝ ዝነበሮም ዕላማ፡ ሸቶኦ ክወቅዕ ኣይከኣለን" ክብል ኣረዲኡ።

ኑቲ መጥቃዕቲ ከምዝፈጸሞ ዝገለጸ ዕጡቕ ጉጅለ 'ጃይሽ ኣል-ኣድል' ብወገኑ፡ ኣብቲ ብተኹሲ ሺዓ ዝተዓብለለ ከባቢታት - ንተኸተልቲ ሱኒ ዝዓበየ ማሰላትን ዝሓሸ ኩነታት መነባብሮን ክፈጥር ከምዝደሊ ገሊጹ ኣሎ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት እውን፡ ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ኢራን ኣብ ልዕሊ ሓይልታት ጸጥታ ኢራን ንዝተፈጸመ ሓያሎ መጥቃዕትታት - ዕጡቕ ጉጅለ ጃይሽ ኣል-ኣድል ሓላፍነት ከምዝወሰደሉ ይዝከር።

እቲ ምስ ኣፍጋኒስታንን ፓኪስታንን ዝዳወብ ከባቢ፡ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ - ኣብ መንጎ ሓይልታት ጸጥታ ኢራንን ዕጡቓት ሱኒን ከምኡ'ውን ኣሲጋርቲ ዕጹ-ፋርስ/ሓሺሽ ተደጋጋሚ ግጭት ዝካየደሉ ቦታ እዩ ኮይኑ ጸኒሑ።



## ብሪጣንያ፡ ኣጽዋር ናብ እስራኤል ከይትሸይጥ ትሕተት

ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ሪሺ ሱናክ - ኣጽዋር ናብ እስራኤል ምሻጡ ደው ኩብል ዝጽውዕ ፖለቲካዊ ተቓውሞታት፡ ካብ ተቓወምቲ ውድባት ይገጥሞ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

እቲ ናብ እስራኤል ኣጽዋር ናይ ምሻጥ ንጥፈታት ክቋረጽ ዝጽውዕ ተቓውሞታት፡ ሰለስተ ዜጋታት ብሪጣንያ ዝርከብዎም 7 ሰራሕተኛታት ረድኤት፡ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ብደብዳብ ነፈርቲ እስራኤል ድሕሪ ምቕታሎም እዩ ዝቐረበ ዘሎ።

ለበራላዊ ደሞክራሲያዊ ሰልፊ ብሪጣንያ ናብ እስራኤል ዝግበር ሰደድ ኣጽዋር ክቋረጽ ክጽውዕ እንከሎ፡ ሃገራዊ ሰልፊ ስኮትላንድ ድማ ኑቲ ጻውዒት ደጊፉ ኣሎ።

ቀንዲ ተቓዋሚ ሰልፊ ዕዮ እውን፡ እስራኤል ኣህጉራዊ ሕጊ ከምዝጠሓሰት ዝገልጽ መርትዖታት ከምእተረኽበ ብምሕባር፡ መንግስቲ ብሪጣንያ ምስ እስራኤል ዘዩዶ መሸጣ ኣጽዋር ደው ኩብል ሓቲቱ።

እስራኤል፡ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ጉጅለ ህጹጽ ረድኤት 'ወርልድ ሴንትራል ኪችን' ብዝፈጸመቶ መጥቃዕቲ - ዜጋታት ኣውስትራሊያ፡ ብሪጣንያ፡ ፖላንድ፡ ፍልስጤምን ኣመሪካን ከምእተቐትሉ ጸብጻባት ይሕብሩ።



ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ፡ እቲ መጥቃዕቲ ዘሕዝንን ዘይተሓሰበን ምዃኑ ብምግላጽ፡ ሰራዊት እስራኤል ናጻ መርመራ ክገብር ምዃኑ ቃል ኣትዩ።

ሓያሎ መሻርኽቲ ሃገራት እስራኤል እውን፡ ብዛዕባ'ቲ መጥቃዕቲ ቁጥዐአን ብምግላጽ - ናጻ መርመራ ክካየደሉ ጸዊዐን ኣለዋ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ማይ ተመናይ | 5/04/2024 | ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ. 315፡ ከባቢ ቤት ክረስቲያን ኣቡኑ- ኣረጋዊ | 08370134 |
| ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | | ቁ.ቴሌፎን 127565 | |

Sabur Printing Services